*ኮሚሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (U.S. Commission on International Religious Freedom (USCIRF))፡ ካብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ (ስተይት ዲፓርትመንት) ዝተፈልየን ርእሱ ዝኸኣለን ትካል እዩ። ብባይቶ ኣሜሪካ ዝተመስረተ ኸይኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዘሎ ሃይማኖታዊ ናጽነት ዚከታተልን ብዛዕባ ፖሊሲ ዚምልከት ለበዋታት ድማ ንፕረዚደንት፡ ጸሓፊ/ት ጉዳያት ወጻኢን ባይቶን ዘቕርብን ዘይሻራዊ፡ ምስ ዝኾነ ሰልፊ ርክብ ዘይብሉ ኣማኻሪ ኣካል መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እዩ። USCIRF፡ እዚ ለበዋታት ብመሰረት ኣብ ኣህጉራዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላትን ካልእ ኣህጉራዊ ሰነዳትን ኣብ ዝርከብ ሕጊ ብዘሰክመና ሓላፍነትን መምዘኒታትን ከምዝኸውን ይገብር። ዓመታዊ ጸብጻብ 2016፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዝፍጸም ዓመጻት ዝስንዱን ዘይሻራዊ ለበዋታት ፖሊስ ድማ ንመንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብዘቕርቡን ኮሚሽነራትን ክኢላታትን ንዝተኻየደ ዓመታዊ ስርሓት ዚምልከት እዩ። ሸሕ እኳ ድሕሪ'ዚ ገደብ-ግዜ ዝተፈጸመ ሓደ ሓደ ኣገደስቲ ፍጻሜታት ዝተጠቕሰ እንተኾነ፡ ዓመታዊ ጸብጻብ 2016፡ ካብ 1 የካቲት 2015 ክሳዕ 29 የካቲት 2016 ንዘሎ ንውሓት ግዜ ዚሽፍን እዩ።*

## ኤርትራ

**ቀንዲ ርኽበታት፥** መንግስቲ ኤርትራ፡ ንዘይተመዝገባ፡ ኣብ ገለ እዋናት ድማ ንእተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕብረኮማት ምጭቛን ይቕጽሎ ኣሎ። ኣሰቃቒ ወይ ካልእ ሕማቕ ኣተሓሓዛ ሃይማኖታውያን እሱራት፡ ክስታት ከይቀረበ ዚካየድ ናይ ሃውሪ (ምልካዊ) ማእሰርትን ቀይድታትን፣ ዝተናውሐ እገዳ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ህዝቢ ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ጉጅለታትን ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ምዝጉባት ሃይማኖታዊ ጉጅለታትን ዜጠቓልል ስሩዕ፡ ቀጻልን ዘስካሕክሕን ጥሕሰታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ኩነታት፡ ኣብ ወንጌላውያንን ጴንጠቆስጣውያንን ክርስትያናት ከምኡውን መሰኻኽር የሆዋ ብዓቢ ደረጃ ብፍላይ ዘጋጥም እዩ። መንግስቲ፡ ንውሽጣዊ ጉዳያት ናይታ ዝዓበየት ጉጅለ እምነት ክርስትያን ዝኾነት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ብዕብላለ ይቖጻጸር ከምኡውን ንሃይማኖታዊ ንጥፈታት ምስልምናን ብመንግስቲ ንዝተመዘዘ ሓላፊ ማሕበረ-ኮም ምስልምና ኣብ ዝቃወሙ ሰባትን ጸቕጢ ይገብር። ብመንጽር'ዚ ጥሕሰታት፡ USCIRF፡ ኤርትራ ብመሰረት ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት (International Religious Freedom Act (IRFA))፡ ኣብ ዝርዝር "ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት" ("country of particular concern" ወይ CPC) ንኽትኣቱ ኣብ 2016 ደጊሙ ለበዋ የቕርብ። ካብ 2004 ጀሚሩ፡ USCIRF፡ ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር "ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት" ንኽትኣቱ ለበዋ ኣቕሪቡ፣ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ድማ ኣብኡ ኣእቲዋ ይርከብ፣ እቲ ኣብኡ ዝኣተወትሉ ቀረባ ግዜ ድማ ሓምለ 2014 እዩ።

### ድሕረ-ባይታ

ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝርከብ ሃይማኖታዊ ዝምድናታት ዚምልከት ዝእመን ስታትስቲክስ የለን። ፔው ቻሪታብል ትራስት (PEW Charitable Trust)፡ ኦርቶዶክስ ክርስትያናት፡ ብገምጋም 57 ሚእታዊት'ቲ ህዝቢ፣ ኣስላም፡ 36 ሚእታዊት፣ ሮማዊ ካቶሊክ፡ ኣርባዕተ ሚእታዊት ከምኡውን ንወለንጌላውያን ሉተራውያን፡ መጥመቓውያን፡ ፕረስፒተርያን፡ መሰኻኽር የሀዋ፡ ጴንጠቆስጣውያንን ካልኦትን ዜጠቓልሉ ፕሮተስታንት ድማ ሓደ ሚእታውያት እዮም። ብእወታዊ ወገኑ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ዝኾነ ሃይማኖታዊ ግጭታት የለን፣ ኣብ መንጎ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ዘሎ ዝምድናታት ድማ ሰላማዊ እዩ።

ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን (Popular Front for Democracy and Justice (PFDJ))፡ ኤርትራ ኣብ 1993 ካብ ኢትዮጵያ ናጽነት ካብ ዝረኸበትሉ ግዜ ጀሚሮም ንኤርትራ ይገዝእዋ ኣለዉ። ፕረሲደንት ኢሳይያስን ኣብ ናቱ ዓንኬል ዘለዉን፡ ፍጹም ስልጣን ዘለዎም እዮም። ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ ኣንጻር መንግስቲ ቅኑዕ ወይ ናይ ሓሳብ ተቓውሞ ብምግባሮም ተቐፂዶም ይርከቡ፣ ጸብጻብ'ቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝቖመ ኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ሰፊሕ ስቓይን ግዱድ ጉልበትን ከምዘሎ ይሕብር። ውልቃውያን ጋዜጣታት፡ ሰልፍታት ፖሎቲካዊ ተቓውሞ ወይ ናጻ ዘይመንግስታውያን ውድባትን የለዋን። መንግስቲ፡ እቶም ካብ 18 ክሳዕ 70 ዓመት ኣብ ዘለዉ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት፡ ንወተሃዳራዊ ስልጠና፡ ምዕባላዊ ወይ ሲቪላዊ ኣገልግሎት ዜጠቓልል ናይ ምሉእ ግዜን መወዳእታ ዘይብሉን ኣዝዩ ትሑት ክፍሊት እናተኸፍሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኽፍጽሙን የገድድ። እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንስቪላዊ ኣገልግሎት ዘካተተ እኳ እንተኾነ፡ ኩሎም ኤርትራውያን፡ ወተሃደራዊ ስልጠና ክወስዱ ግዴታ ኣለዎም፣ ኤርትራውያን፡ ከገልግልሉ ዘለዎም ዓይነት ኣገልግሎት ክመርጹ ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ፡ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ንኽኾኑ ዝኾነ ኣማራጺ የብሎምን። ሕቡራት ሃገራትን እተፈላለያ ጉጅለታት ሰብኣዊ መሰላትን፡ እቶም ግቡእ ሃገራዊ ኣገግሎት ኣብ ውትህድርና ዝፍጽሙ ውልቀሰባት፡ ሃይማኖቶም ንኸይክተሉ ይኽልከሉ፣ እቶም ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኽሳተፉ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ ሰባት ድማ ይቕየዱ፡ ከቢድ ጉልበታዊ ስራሕ ንኽሰርሑ ይፍረዱን

ዓመጽ ይበጽሖምን ሕጋዊ ሰነዳቶም ከምዝህገር ይኽውንን። ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ወተሃደራዊ'ቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይርከቡ እሞ ኸኣ ኣብ ግዱድ መደብ ስቪላዊ ሚሊሻ ዝኣትዉ ካብ 18 ክሳዕ 50 ዓመት ዝዕድሚኦም መብዛሕቶም ደቀተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን፡ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ንኽኾኑ ኣይፍቀደሎምን ወይ ኣማራጺ ኣይውሃቦምን።

ቀንዲ ሰብኣዊ መሰላትን ቁጠባዊ ዕድላትን ኣብ ኤርትራ ዘይምህላው፡ ኣሽሓት ኤርትራውያን ዑቕባ ንኽሓቱ ንኤውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ናብ ዝርከበን ጐሮባብቲ ሃገራትን ካልኦትን ከምዝሃድሙ ገይርዎም። ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ 2014 ጀሚሩ፡ ብገምጋም ሽድሽተ ሚእታዊት ናይቲ ህዝቢ ንሃገር ሓዲጐም ከምዝወጹ ኣብ 2015 ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

ኣብ ልዕሊ ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት ኣብ ኤርትራ ኣዝዩ ውሑድ ሕጋዊ ሓለዋ ይግበር። እቲ ዘሎ ሓለዋ፡ ኣብ ግብሪ ዝውዓለ ኣይኮነን ወይ ድማ ብኻልእ ሕግታት ወይ ብግብሪ እተደረተ እዩ። ቅዋም ኤርትራ፡ ናጽነት ሓሳባት፡ ሕልናን እምነትን ይህብ፣ ዝኾነ ሃይማኖት ክኽተልን ሃይማኖት ከምዘለዎ ክሕብርን መሰል ይህብ፣ ከምኡውን ሃይማኖታዊ ኣድልዎ ይኽልክልን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን እቲ ቅዋም፡ ካብቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐሉ ግዜ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን ዘሎ። ኣብ ግንቦት 2014፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ፡ ሓድሽ ቅዋም ክሕንጸጽ ምኳኑ ሓቢሩ፣ እንኾነ ግን ክሳዕ'ዚ ጸብጻብ'ዚ ዝቐረበሉ ናይ መወዳእታ ግዜ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይተወስደን ዘሎ።

**ኩነታት ሃይማኖታዊ ናጽነት 2015-2016**

***ምዝገባ፥*** ካብተን ብመንግስቲ ዝፍለጣ ኣርባዕተ ሃይማኖታት ማለት፥ ቁብጣዊ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ሱኒ ምስልምና፡ ሮማዊ ካቶሊካዊት ኤርትራን ምስ እምነት ሉተራውያን ምትእስሳር ዘለዋ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ወጻኢ ዝኾና ኩለን ጉጅለታት ሃይማኖት ግዱድ ምዝገባ ንኽካይዳ መንግስቲ ኣብ 2002 ኣጽኒዒለን። ኩለን ካልኦት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ንኽምዝገባ ዓመታዊ ከመልከታ ይግደዳ እየን። እቲ ግዱድ ምዝገባ፡ መግለጺ ታሪኽ'ቲ ጉጅለ'ቲ ኣብ ኤርትራ፣ ብዛዕባ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝርከብ ምንጪ ምወላ፡ መሪሕነት፡ ንብረትን ንጥፈታትን ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ፣ ከምኡውን ነታ ሃገር ብኸመይ ከምእትረብሕ ዚምልከት መግለጺ ወይ ምስ'ተን ካልኦት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ብምውድዳር ፍልይቲ ዝኾነትሉ ምኽንያትን ዜጠቓልል እዩ። ኣብ ቁ. ኣዋጅ 73/1995 ተጠቒሱ ምስ ዘሎ ማለት "ንሃይማኖታዊ ትካላትን ንጥፈታትን ሕጋዊ ደረጃ ክህልዎን ንጹር ክኸውን" ከምዚሰማማዕ ንኺኸውን እቲ ምዝገባ የገድድ፣ እተመዝገባ ሃይማኖታውያን ትካላት፡ ንኽሰብካ፡ ንኽምህራን ኣብ ንጥፈታት ጐስጓስ ንኽሳተፋን የፍቅደለን እኳ እንተኾነ፡ ". . . ንሃገራዊ ድሕነት፡ ጸጥታን ላዕለዋይ ሃገራዊ ረብሓታትን ምጥሓስ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ምግልጋል ምንጻግን ንናጽነትን ሃገራዊ ልዑልነት ሃገርን ኣብ ሓደጋ ዘአቱ ስርሓት ፖሎቲካዊ ወይ ሃይማኖታዊ ዕግርግር ንኽህሉ ምልዕዓል ምግባርን" ይኽልክል።

ክሳዕ ሕጂ፡ እተመዝገባ ካልኦት ሃይማኖታዋን ማሕበረሰባት የለዋን። ማሕበረሰብ ባሃኢ፡ ፕረስፒተርያን ቤተክርስትያን፡ ቤተክርስትያን ሜቶዳውያንን ሻውዔቲ መዓልቲ ኣድቨንቲስታውያን፡ እቲ ሕጊ ምዝገባ ፈለማ ኣብ ዝተኣወጀሉ ግዜ፡ ነቲ ዝተጠልበ መመልከቲታት ብምሉኣን ዘቕረባ እኳ እንተኾና፡ መንግስቲ ኤርትራ ግን ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዘቕረበኦ መመልከቲታት ስጉምቲ ኣይወሰደን ዘሎ። መንግስቲ ስጉምቲ ዘይምውሳዱ፡ እተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፡ ኣገልግሎት ወይ ሃይማኖታዊ በዓላት ምክያድ ኣብ ዘጠቓልል ንእምነተን ብግልጺ ንኽኽተላ ዝኾነ ሕጋዊ መሰረት የብለንን ማለት እዩ። ብመሰረት ጸብጻብ ኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት (COI-E) ከምኡውን ብUSCIRF ቃለ-መጠይቕ እተኻየደሎም ስደተኛታት፡ መብዛሕተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ተዓጽየን ከምዘለዋን ኣባይቲ ኣምልኾ ንኽሃንጻ ድማ መንግስታዊ ፍቓድ ክህልወን ከምዘግደዳን ይሕበር። እምነቶም እተኸተሉ መራሕትን ኣባላትን ዘይተመዝገባ ማሕበረሰባት፡ ብማእሰርትን ገንዘብን ይቕጽዑ።

***ሃይማኖታውያን እሱራት፥*** እታ ሃገር ሓበሬታ ዘይብላ ዕጽውቲ ብምዃና፡ እቲ ትኽክል ብዝሒ እሱራት ንኽትፈልጦ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ካብ 1,200 ክሳዕ 3,000 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ኤርትራ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ይሕብር። ኣብዚ ናይ ጸብጻብ እዋን፡ ብቑጽሪ ውሑድ እተሓበረ ፍጻሜታት ሓደስቲ እሱራት ኣሎ።

ስቓይን ካልእ ዓመጻትን ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታውያን እሱራት ብቐጻሊ ከምዚበጽሕ ጸብጻብ ኣሎ። ሃይማኖታውያን እሱራት ድማ ኣብ ዝኸፍኤ ኣብያተ ማእሰርቲ ይእሰሩን ገለ ጭካነ ዝመልኦ መቕጻዕትታት ድማ ይቕበሉን። እቶም ዝተፈትሑ እሱራት ድማ ልዕሊ ዓቕን ምቅይያር መጠነ-ሙቐት ኣብ ዘለዎ ኣብ 20-ፉት ዓቕን ዘለዎ ናይ ሓጺን ኮንተይነራት ወይ ትሕተ-ባይታዊ ድፋዕ ኣብ ዝኣመሰለ እሱራት ዝተጨቓጨቕዎ ኩነታት ከምዝእሰሩ ሓቢሮም። ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ ክፉእ ኣተሓሕዛ ወይ ሕክምናዊ ክንክን

ዘይምሃብ፡ ሞት ሃይማኖታውያን እሱራት የጋጥም ከምዘሎ ጸብጻባት ኣሎ።  እቶም ብሰንኪ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ንሓጺር-ግዜ ይኹን ንነዊሕ-ግዜ ኣብ ኣብያተ-ቀይዲ ዝተቐየዱ ሰባት፡ ብወግዓዊ መገዲ ክሲ ኣይምስረተሎምን፣ ሕጋዊ ጠበቓ ክህልዎም ኣይፍቀደሎምን፣ ሕጋዊ መስርሕ ኣይካየድን ወይ ምብጻሕ ስድራ ኣይፍቀደሎምን እዩ። እሱራት፡ ዓው ኢሎም ንኸጽልዩ፡ ክዝምሩ ወይ ክሰብኩ ኣይፍቀደሎምን እዩ፣ ከምኡውን ሃይማኖታዊ መጽሓፍቲ ክልኩል እዩ።  እቶም ካብ ማእሰርቲ ዝፍትሑ ወንጌላውያንን ጴንጠቆስጣውያንን፡ ናጻ ንኽልቀቑ ንእምነቶም ንኽኽሕዱ ጸቕጢ ይግበረሎም ከምዝኾነ ድማ ይሕብሩ። እቶም ካብ ቤት ማእሰርቲ እተፈትሑ ወንጌላውያን፡ ጴንጤቆስጣውያንን መሰኻኽር የሆዋን፡ ንእምነቶም ንኽሓድጉ ጸቕጢ ከምዝግበረሎም፡ ንሽምልኹ ኢሎም ፈጺሞም ከምዘይእከቡ ቃሎም ብምሃብ ንኽፍርሙ ድፍኢት ከምዝግበረሎም፡ ከምኡውን ኣብ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ዳግማይ ንኸይሳተፉ መጠንቀቕታ ከምዝውሃቦም ይሕብሩ።

***ጴንጤቆስጣውያንን  ወንጌላውያንን፥*** ካብቶም እሱራት እቶም ኣዝዮም ዝበዝሑ ድማ ጴንጠቆስጣውያንን ወንጌላውያንን እዮም። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሓደስቲ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ብፍላይ ድማ ኣብ ፕሮቴስታንት ወንጌላውያንን ጴንጤቆስጣውያንን ማሕበረሰባት ጥርጣረ ኣለዎ። እዘን ጉጅለታት'ዚኤን፡ ክፋል ናይቲ ናብ ሃገር ንኽኣትዉ ዚግበር ናይ ወጻኢ ጐስጓስ ከምዝኾና፡ ንባህላዊ ልምድታት ኤርትራ ጋሻ ኣብ ዚኾነ ናይ ጐነጽ ወንጌል ከምዝነጥፋን ማሕበራዊ ፍልልያት ከምዘስዕባን ገይሩ ይገልጸን። ኣብ ዓመተ-2015፡ ሓይልታት ጸጥታ ኤርትራ፡ ሽሕ እኳ እቲ ተጻዋርነት ናይ ከምዚኤን ዝኣመሰላ ጉጅለታት ብቦታ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ተሓቢእኻ ኣብ ዚካየድ ኣኼባታት ጸሎትን ሃይማኖታዊ በዓላትን፡ ንሰዓብቲ እዘን እምነታት ብተደጋጋሚ ኣሲሮም እዮም። ገለ ሰበ-ስልጣናት ከባቢ፡ ንጴንጤቆስጣውያን ማይን ጋዝን ከምዝኸልእዎም ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ሓቢሩ። መንግስቲ ኤርትራን ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኤርትራን፡ ማእሰርትን ምፍታሕ ካብ ማእሰርትን ከምዘሎ ንህዝቢ ኣየፍልጡን እዮም፣  ምስጢራውነት መንግስትን ምፍርራህን፡ ትኽክለኛ ብዝሒ ከምዚ ዓይነት ፍጻሜታት ከምዝስነድ ኸትገብር ከቢድ ይገብሮ።  USCIRF፡ ከባቢ 200 ማእሰርትታት ኣብ 2015 ከምዘጋጠመ መረጋገጺ ተቐቢሉ እዩ።

***መሰኻኽር የሆዋ፥*** መሰኻኽር የሆዋ፡ ብምኽንያት ዘለዎም እምነት፡ ፖሎቲካዊ ጸግዒ ዘይምህላዎምን ንወተሃደራዊ ኣገልግሎት ብሕልና ስለዝነጽግዎን መከራ ይረኽቡ ኣለዉ። ኣብ 25 ጥቅምቲ 1994፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ፡ ኣብቲ ንናጽነት እተገብረ ረፈረንዱም ንኸይሳተፉ ብምንጻጐም ወይ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘይምስታፎም፡ ዜግነቶም ንኽሕከኽ ኣዋጅ ኣውጺኡ። ካብ 1994 ጀሚሩ፡ መሰኻኽር የሆዋ፡ ብመንግስቲ ዚውሃብ ሰነዳት መንነትን ጉዕዞን፡ ስራሕ መንግስትን ፍቓድ ዋኒን-ትካላትን ንኸይረኽቡ ተኸልኪሎም ይርከቡ። መርዓታት ወይ ዕድጊ መሬት ሕጋዊ ኣፍልጦ ንኸረክብ፡ ካርድ መንነት ኤርትራ የድሊ። ገለ ሰበ-ስልጣናት ከባቢ፡ ንመሰኻኽር የሆዋ፡ ማይን ጋዝን ከምዝኸልእዎም ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ሓቢሩ።

ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ምግልጋል ዝነጸግዎ መሰኻኽር የሆዋ፡ ነቶም ካብ 24 መስከረም 1994 ጀሚሮም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሳዋ ተቐዪዶም ዝርከቡ ጳውሎስ እያሱ፡ ይስሓቕ ሞጎስን ነገደ ተኸለማርያም ንዝርከብዎም ገለ ሰባት ንልዕሊ መዋእል ብዘይ ፍርዲ ተቐዪዶም ይርከቡ። ብተወሳኺ፡ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ናይ ሽዱሽተ-ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ስልጠና ዝርከቦ እቲ ናይ መወዳእታ ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ መዓስከር ስልጠናን ትምህርትን ሳዋ ንኽውድእዎ መንግስቲ የገድድ ስለዝኾነ፡ መሰኻኽር የሆዋ፡ ካልኣይ ደረጃ ወዲኦም ንኽምረቑ  ዕድል ኣይህቦምን እዩ። መሰኻኽር የሆዋ ዝኾኑ ገለ ቆልዑ፡ ንባንዴራ ስለዘየውረዱን ዘየደየቡን ወይ ኣብቲ ብወግዒ ፍቓድ እተዋህቦ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ቆልዑን ኣባል ንኽኾኑ ስለዘይከፈሉን ካብ ቤት ትምህርቲ ከምዝስጎጉ ይኾኑ እዮም።

ኲሎም ኣብ ኣኼባ ዝነበሩ መሰኻኽር የሆዋ፡ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ እተኻረየ መሳለጥያታት ናይ ኣምልኾ ኣገልግሎታት እናተሳተፉ ከለዉ ስለእተረኽቡ ከምዝእሰሩ ተገይሩ፣ መሰኻኽር የሆዋ ዝኾኑ ውልቀሰባት፡ እምነቶም ንኻልኦት ብምንጋሮምን ብቐጻሊ ይእሰሩን ይቕየዱን እዮም። ገሊኦም ቀልጢፎም ክፍትሑ ከለዉ፡ ካልኦት ግን ብዘይ ክሲ ወይ ፍርዲ ገደብ ንዘይብሉ ግዜ ተኣሲሮም ይርከቡ። ካብዚኦም ድማ 16 ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዓመት ኪኸውን ከሎ፡ ሓሙሽተ ድማ ልዕሊ 70 ዓመት ዝዕድሚኦም፡ ሓደ ድማ ኣብ 80ታት ዕድመ ዝርከቡ እዮም።

***ፍሉጣት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፥*** መንግስቲ ኤርትራ፡ ንንጥፈታት ኣርባዕትኤን ፍሉጣት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ብጥብቂ ይከታተል። እዘን ጉጅለታት'ዚኤን፡ ኣብ ነፍስወከፍ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ጸብጻብ ንጥፈታት ከቕርባ ይግደዳ፣ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከቡ ተሓጋገዝቲ ሃይማኖታውያን ምወላታት ንኸይቕበላ መምርሒ ተዋሂብወን (ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ብእኡ ከምዘይትምእዘዝ ብግልጺ ዝሕብር ትእዛዝ ኣሎ)፣ ከምኡውን ሃማኖታውያን መራሕቲ ብሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ይሽየሙ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኤርትራን ሙፍቲ ማሕብረሰብ ምስልምና ኤርትራን ከምኡውን ካልኦት ታሕተዋይ

ደረጃ ዘለዎም ሃይማኖታውያን ሰበ-ስልጣናት መዚዙ። መንግስቲ ኣብ ጉዳያት ቤተክርስትያኖም ኢዱ ስለዘእተወ ብምቅዋሞም ብመንግስቲ ከምዝእለዩ እተገብሩ ፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኤርትራ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ካብ 2007 ጀሚሩ ምስ ሰብ ርክብ ንኸይገብሩ ተባሂሉ ኣብ ገዛ ንበይኖም ተቐይዶም ይርከቡ። እቶም ነዚ ምሻም ስልጣን እተቓወሙ ኣማኢት ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኦርቶዶክስ ክርስትያናትን ምስልምናን ተቐዪዶም ይርከቡ። COI-Eን እቶም ብUSCIRF ቃለ-መጠይቕ እተገብረሎም ኤርትራውያን ስደተኛታትን፡ መንግስቲ ንኣገልግሎታት'ዘን ኣርባዕተ ወግዓውያን ሃይማኖታት ምክትታል ከምዝገብረሉ ሓቢሮም። እቶም ንመንግስቲ እተቓወሙ ኣስላም፡ ኣኽረርቲ ዚብል ስም ይውሃቦም፣ ውድባት ሰብኣዊ መሰላት ድማ ዕለት 21 ጥሪ 2013 ኣብ ኣስመራ ንዝርከብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ብዙሃን መንግስቲ 100-200 ወተሃደራት ኣድማ ብምግባር ድሕሪ ምቑጽጻሮም፡ ምጥሓስ ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣንጻር ማሕበረሰብ ምስልምና ብቐጻሊ ይካየድ ከምዘሎ ሓቢረን። ብተወሳኺ፡ እቶም ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብኣካል ዝበጽሑ ሰበ-ስልጣናት ኤርትራ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ብመንግስቲ እተፈቕደሉ ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስ ጥራይ ንኸሳተፉ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝርከቡ ኣባላት ጸቕጢ ከምዝገብሩ ይሕበር።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንገለ በጻሕቲ ኣቡናት ንኽትቅበል፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጽጽስና ምወላ ንኽትረክብ፡ ንሃይማኖታዊ ዕላማታትን ስልጠናን ብውሑድ ቁጽሪ ንኽትገይሽ፡ ከምኡውን ንተማሃሮ ቤተ ክህነትን ፈለስትን ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ንኽኾኑን ፍቓድ ምሃብ ዜጠቓልል ካብ ካልኦት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፡ ዋላውን ድሩት እንተኾነ፡ ቅሩብ ዝሓሸ ናጽነታት ይውሃባ።

### ፖሊሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ

ኣብ መንጎ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤርትራን ዘሎ ዝምድና፡ ሕማቕ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዘሎ ሰብኣዊ መሰላትን ንኢትዮጳውያን፡ ሶማላውያንን ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ካልኦት ዕጡቓትን ተቓወምቲ ጉጅለታትን ዝህቦ ደገፍን ዚምልከት ስክፍታ ከምዘለዎ ንነዊሕ እዋን ገሊጹ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 2005 ንUSAID ካብቲ ሃገር ከምዚወጽእ ገይሩ፣ ኣብታ ሃገር ዝነበረ ፕሮግራማት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ድማ ኣብ ዓመተ-2006 ከምዘብቅዕ ኮይኑ። ኤርትራ፡ ንምዕባለ፡ ሰብኣዊ ወይ ጸጥታዊ ሓገዝ ብዚምልከት ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣይትቕበልን ኣላ። ካብ 2010 ጀሚሩ፡ እቲ መንግስቲ፡ ናብታ ሃገር ዝተመዘዘ ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንኸይቕበል ብወግዒ ነጺግዎ ይርከብ፣ ከም ኣምሳያኡ ድማ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንወረቓቕቲ ስራሕ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሰሪዝዎ።

ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ክዘራረቡ ከለዉ፡ ንጥሕሰት ሃይማኖታዊ ናጽነት ብተደጋጋሚ የልዕሉ እዮም። ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንቦታ-ስራሕ ፍሉይ ተኸታታሊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ብዕዉት መገዲ ከምዝቐውም ንዝገበረ ኣብ 2012 ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ንዝተዋህበ ውሳኔ ሓባራዊት መዋሊት ነይራ። ኣብ ሓምለ 2014፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንሱርዕ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብምምርማር፡ እቲ ኹነታት ብኸመይ ኪመሓየሽ ከምዘለዎ፡ ተሓታትነት ብኸመይ ከምዝህሉ፡ ኸምኡውን ኣብታ ሃገር ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ዚምልከት ብኸመይ ኣፍልጦ ከምዝዓብን ለበዋ ንኸቕርብ፡ ኮምሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንኺቐውም ደገፋ ሂባ። ኣብ 2015፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ተግባራት መንግስቲ ኤርትራ ንዓመጽ ኣንጻር ደቂሰብ ዘካትት እንተኾይኑ ንምውሳን ሓላፍነት COI-E ንሓደ ዓመት ንኽቕጻል ደገፉ ሂቡ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ መስከረም 2004 ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ከምእትኣቱ ገይሩ። ንዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ኣብ መስከረም 2005ን ጥሪ 2009ን ኣብ ዝሓደሰሉ እዋን፡ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ኣዋጅ ቁጽጽር ምልኣኽ ኣጽዋር (Arms Export Control Act) ተሓቢሩ ዘሎ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ምክልኻል ብዚምልከት ንግዳዊ ምልእኣኽ ንኸይህሉ ሓቢሩ፣ እዚ ግን ንገለ ኣቑሑ ኣይምልከትን እዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ክፉእ ማእሰርትን ቀይድን ኣባላት ክህነትን ተራ ኣባላት'ተን ዝተኸልከላ ጉጅለታት ሃይማኖት ዝርከቦ 'ተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ጉጅለታት ብኡንብኡ ኣሐይልዎ። ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ማለት ሓምለ 2014 ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ደጊሙ ኣእቲዋ ኣሎ፣ ከምኡውን ሽሕ እኳ ካብ 2011 ጀሚሩ እዚ ማዕቀብ ብመሰረት ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 1907 (ኣብ ታሕቲ ርኣዩ) እንተኾነ፡ ፕረሲደንታዊ ስጉምቲ ማዕቐብ ኣጽዋር ግን ይቕጽል ኣሎ።

ዝምድና ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤርትራን፡ ብምኽንያት ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ሓያል ምትእስሳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ መብዛሕቱ ግዜ ብኣሉታዊ መገዲ ብኸቢድ ተጸልዩ ይርከብ። ኤርትራ፡ ኣብ 1993 ናጽነታ ምስረኸበት፡ ካብ 1998 ክሳዕ 2000 ኣብ ዘሎ ግዜ ምስ ኢትዮጵያ ደማዊ ናይ ዶብ ውግእ ኣካዪዳ። ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ኤውሮጳዊ ሕብረትን እቲ ሕጂ ዘየሎ ውዱብ ሓድነት ኣፍሪቃን፡ እቲ ግጭት ንኸብቅዕ ንእተገብረ ስምምዕ 2000 ወግዓውያን መሰኻኽር ነይሮም። እንተኾነ ግን፡ ኢትዮጵያ ብመሰረት ኣብ 2002 ኣብ ሄግ ብዝመደበሩ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሃቦ ውሳኔ፡ ምምልካት ዶብ ንኽግበር ብዘይምፍቃዳ፡ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓርፊፉ ይረከብ። መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ እቲ ውሳኔ ኮሚሽን "ናይ መወዳእታን ቀያድን"'ዩ ይብልን ክልቲኦም ወገናት ድማ ብእኡ ንኽምእዘዙ ትጽቢት ይገብርን።

ንኤርትራ ዚምልከት ፖሊስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽይረጋጋእ እቲ ሃገር ኣብ እትካይዶ ንጥፈታት ድማ ዜተኮረ እዩ። ኣብ ታሕሳስ 2009፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኤርትራ ንዕጡቓት ጉጅለታት ሶማልያ ደገፍ ብምሃብን ምስ ጅቡቲ ግጭት ድሕሪ ምግባራ ንሰራዊታ ካብ ዶብ ኤርትራን ጅቡትን ብዘይምንስሓባን፡ ንኤርትራ ዚቐጽዕ ብይን 1907 ንዘርዓማ ዝበዝሓ ሃገራት 13-ኣባላት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ተጻምቢራተን። እቲ ማዕቀባት፡ ንእገዳ ኣጻዋር፡ ምውሳን መገሻታትን ምድስካል ንብረት ፖሎቲካውያንን ወተሃደራውያንን መራሕቲ መንግስትን ኣብ ማዕቀባት ሶማልያ ብዚከታተል ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዝተፈልጡ ካልኦት ውልቀሰባትን የጠቓልል። ኣብ ሚያዝያ 2010፡ ፕረሲደንት ኦባማ፡ ንንብረትን ረብሓ ንብረትን'ቶም ኣብ ጉዳያት ሶማልያ ኣመልኪቱ ምስ ፕረሲደንት ኤርትራ ዝሰርሕ ዝነበረ ሓላፊ ፖሎቲካዊ ጉዳያትን ዝለዓለ ኣማኻርን የማነ ገብረኣብ ንዝርከቦም ነቶም ኣብ ሶማልያ ዝርከብ ኣልሸባብ ንዝመወሉ ሓያሎ ውልቀሰባት ከምዚዕጾ ዝገብር ውሳኔ ላዕለዋይ ሓላፊ 13536 (Executive Order) ሂቡ። ኣብ ታሕሳስ 2011፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ንብይን ማዕቀባት 1907 ንኸተግብራን እቲ ምስ ኢንዱስትሪ ማዕድን ኤርትራ ዝግበር ውዕላት ነቲ ከባቢ ንዘናዕብ ንጥፈታት ደገፍ ከምዘይህብ ንኽረጋግጻን ዚጽውዕ ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 2023 ብምቕባል ድምጺ ሂባ። ኣብ 2015፡ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ማዕቐብ ኣጽዋር ኣብ ኤርትራ ጸኒዑ ክጸንሕን ሓላፍነት ጉጅለ ምክትታል ኣብ ሶማልያን ኤርትራን ድማ ንኻልእ ሓደ ዓመት ክሕደስን ኣብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ድምጺ ሂቡ።

**ለበዋታት**

መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ጥሕሰታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ጠጠው ንምባልን ብክልተኣውን ብዙሕኣውን ጻዕርታት ኣቢልካ ስክፍታት ንምግላጽን ቅጽበታዊ ምምሕያሻት ንኺመጽእ ክጽዕር ይግባእ። ኣብ ርእሲ'ቲ መንግስቲ ኣሜሪካ፡ ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ምእታው ንኺቕጽሎን ነቲ ኣብ 22 CFR 126.1(ሀ) ተጠቒሱ ዘሎ ኣብዚ ኣዋን'ዚ ኣብ ተግባር ውዒሉ ዘሎ እገዳ ኣጽዋር ከምዘለዎ ኪቕጽልን ለበዋ ምቕራብ፡ USCIRF ድማ መንግስቲ ኣሜሪካ ከምዚ ዚስዕብ ንኽገብር ለበዋ የቕርብ፥

- ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኣቡነ እንጦንዮስ ንዝርከብዎም ነቶም ንሃይማኖታዊ ንጥፈታት ብሰላም መገዲ ዘካይዱ እሱራት ብዘይ ምኽንያትን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜን ከውጽእ፣ ንዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ሃይማኖታዊ መከራ ምብጻሕ ከብቅዕን ከምዚኤን ዝኣመሰላ ጉጅለታት ከምዝምዝገባ ኽገብርን፣ ንመሰኻኽር የሆዋ ምሉእ ዜግነት ክህብ፣ ምስ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ሰብኣዊ መሰላት ዚሳነ ብሕጊ ናይ ሕልና ተቓውሞ ንኽህቡ ንህዝቢ ከፍቅድ፣ ኣብ 1997 እተዳለወ ቅዋም ከተግብር፣ ምስ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ሰብኣዊ መሰላት ዚሳነ ምምዝጋብ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ዜጠቓልል ሃገራዊ ሕግታትን መምርሒታትን ንኽውጽእ፣ ኩነታትን ኣተሓሕዛን እሱራት ብመሰረት ኣህጉራዊ መምዘኒታት ከምዚኸውን ንኽገብር፣ ከምኡውን ብሕቡራት ሃገራት ዚቐመ ኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ብሕቡራት ሃገራት እተመዘዘት ፍልይቲ ራፖርተር ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ፡ ብሕቡራት ሃገራት እተመዘዘ ፍሉይ ራፖርተር ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት፡ ብሕቡራት ሃገራት ዝቐመ ንሃውሪ ቀይዲ ዚከታተል ጉጅለን ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ብዘይቀይዲ ምብጻሓት ንኽገብሩ ውግዓዊ ዕድመ ንኽህብን ንመንግስቲ ኤርትራ ምሕጽንታ ንምሃብ ንክልተኣኣውን ብዙሕኣውን ድፕሎማስያዊ መሰራት ብቐጻሊ ምጥቃም፣

- ሓገዛት ምዕባለ ኪቕጽል እንተኾይኑ፡ ናብቲ ብቐጥታ ናብ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላትን ምኽባር ሕግን ኣበርክቶ ኣብ ዝህብ ፕሮግራማት ከምዝውዕል ምርግጋጽ፣

- ድሕሪ'ቲ ካብ 1998-2000 እተኻየደ ውግእ ብዝቐመ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እተዋህበ "ናይ መወዳእታን ቀያድን" ውሳኔ ዚእዝዞ ትግባር ምምልካት ዶብ ብዚምልከት ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ህሉው ዓንቃጺ ኲነታት ንኽፍታሕ ንዚግበር ኣህጉራዊ ጻዕርታት ምሕያል፥

- ብኣሜሪካውያንን ኣህጉራውያን ሃይማኖታውያን መራሕቲ ምብጻሕ ንኺግበር ብምሕያል ኣብ ሃይማኖታዊ ናጽነት ብምትኳር ምስ ሰበ-ስልጣናት ኤርትራ ዘይወግዓዊ ዘተ ንኺካየድ ምትብባዕ፣ ከም ፕሮግራም ፉልብራይት (Fulbright Program)፡ ፕሮግራም ኣህጉራዊ ምብጽጻሕን (International Visitor Program) ኣሜሪካውያንን ከኢላታትን ምብጽሓት ብምግባር ኣስተምህሮታት ዝኣመሰለ ትምህርታውን ባህላውን ተሞክሮታት ምልውዋጥ ከምዜፍሕ ኪገብር፣

- ኣብ ኤርትራ ንዝፍጸም ዓመጽ ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣቓልቦ ንምሃብ፡ ምስ ካልኦት ሃገራት ብፍላይ ድማ ምስተን ኣብ ኤርትራ ናይ ዕደና ረብሓ ዘለዎን ሃገራትን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ማሕበረኮማት ኤርትራን ብምዃን ምስራሕ፣ ከምኡውን ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝርከብዎም ብሰንኪ ሰለማዊ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ዘካየዱ ኣብ ቀይዲ ዝርከቡ እሱራት ብዘይኲነትን ብህጹጽን ንኽፍትሑ ምጥባቕ።